# ዓ ለ ም !!

ዓለም ሓያል ኩሉ ዘይዓጅባ
እክውለድ ብዕልልታ ዓጀባ
እንክመውት ብሚትሮ ዓለባ
ንድሕነታ ዝቃለሱ ከይጸባ
ንጥፍኣታ ዝቃለሱ ንዓጸባ
ንኹሉ ትወስድ ኣኻኺባ።

ኣንቲ ዓለም ፍትሒ ዘይትገብሪ
እቲ ዝቃለስ ስለ ናትኪ ክብሪ
እተሰከመ ናይ ዝሓለፉ ሕድሪ
ፍትሒ ክነግስ ዘይትውስኽሉ ዕምሪ።

ኣንቲ ዓለም በጃኽንዶ ፍትሒ ልመዲ
ምእንታኺ ዝቃለስ ከይኣተወ ዓዲ
ተስካር ውላዱ ኣይብላዕ ወላዲ
ዝብል ብሂልከ ዘይትገብሪ ቀይዲ።

ዓለም ጨካን ኣንቲ ፍትሒ ኣልቦ
ወዮ ሓርበኛ ከይረኣየ ዓዲ'ቦ
ኣብ ዓዲ ስደት ሞት እንተሰዓቦ
ክሊ ጸሊኣኪ ኣንቲ ዓለም ክቦ።

ዓለም ነቓጽ ጭካኔኺ በዚሑ እምብዛ
ንፍትሒ ዝወፈሩ ከይኣተዉ ገዛ
ናፍቖት ኣበውሉድ ቆጺርክዮ ዋዛ
ፍጡርኪ ኣባኺ ምንባር ስኢኑሉ ላዛ።

ኢዮባይ ሓወይ ኢለ እንተበኸኩ ኣምሪረ
ብጻይ ኢዮብ እንተበልኩ ጎሮሮይ ገቲረ
ዓለም ጨካን ኢኺ ዘይትፈልጢ ይቕረ
በሊ ኣሎኹ ዕላማ ኢዮባይ ዓቲረ።

ኢዮባይ ሓወይ ተቐቢልናዮ ሕድርኻ
ኣጆኻ ወዲ ሓይለኣብ ኣሎ ቅድሜኻ
ወዲ ክፍለ እውን ኣሎ መሓዛኻ
ኩሎም ስዉኣት ኣሎዉ ኣብ ጎድንኻ።

ኢዮባይ ሓወይ ዘይዓጸፈ ቃሉ
ፈታው ፍትሒ ዘይፈልጥ ኣሉ
ኣቦ ስድራ ምቁር ዝዕላሉ
ኣምላኽ ይቀበልካ ኣብ ጽላሉ

ብጻይካን ሓውካን
ገዛኢ ኪዳነ።

25 12 1006